# ሓበሬታ ንወለዲ

**ከም ወለዲ መጠን፣ ውላድኩም መጀመርታ ሞያ ኣብ ዝመርጸሉ ግዜ፣ ንስኻትኩም ኣገደስቲ ተሓጋገዝቲ ኣካል ቤት ትምህርቲ ኢኹም። መንእሰያት ካብ ሰሩዕ ቤት ትምህርቲ ናብ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ብጽቡቕ ንኽሰጋገሩ፣ ናታትኩም ሓገዝ ይደልዩ።**

## ምምራጽ ሞያ ኣብ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ምድላዋት ምምራጽ ሞያ ካብ 7ይ ክፍሊ ይጅምር። እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ዕላምኡ፡ እቶም ተመሃሮ ብዛዕባ ኣገደስቲ ኣርእስታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ኣብ ምምራጽ ግቡእ መረዳእታ ንኽህልዎም እዩ። እቶም መንእሰያት ምስቲ ናቶም ድሌትን ብቕዓትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ሞያ ዓውድታት ንምልላይ እዩ።

## ከም ወልዲ መጠን ኣብ ግዜ ምምራጽ ሞያ ናይ ውላድኩም ኣገዳሲ ተራ ተጻወቱ

- ንወድኹም/ጓልኩም፡ መታን ደረጃ ብደረጃ ቀስ እንዳበሉ ሞያ ክመርጹን ብዛዕባ ሞያ ሓሳባት ክማዕብሉን ሓግዝዎም።
- ንወድኹም/ጓልኩም፡ ብዛዕባ ናትኩም ተመኩሮኹም ምምራጽ ሞያ ግለጽሎም፡ ከምኡ'ውን መዓልታዊ ናይ ስራሕ ሂወትኩም ንገርዎም። ብዛዕባ ስራሕ ዓለም ሓፈሻዊ መረዳእታ ንኽህልዎም ሓግዝዎም።
- ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ድሌትን ኽእለትን ንምፍላጥ ምስኦም ንምዝርራብ ፡ ዝጥዕም ኣጋጣሚታት ተጠቐሙ። ምናልባት እዚ ንዓኣቶም ናብቲ ዝድለይ ሞያ ከምርሖም ይኽእል እዩ።
- ምስ ወድኹም/ጓልኩም ብዛዕባ ኣርእስትታት ናይቲ ትምህርቲ ምምራጽ ሞያ ትሕዝቶ ተዘራረቡ። እቲ ሰነዳት ወይ ጽሑፋት'ውን ብሓንሳብ ኮይንኩም ረኣይዎ።
- ውላድኩም ዘለዎ ናይ ሞያ ሓሳባት ተገዲስኩም ረአይዎ። ብድሕሪት ናይ ሓደ ሞያ ዝንባለ፡ ወድኹም ወይ ጓልኩም ክሰርሕዎ ዘገድሶም ድሌት ክህሉ ይኽእል እዩ።
- ነዚ ናይ ሞያ ዝምባለ ውጽኢቱ ንምግምጋም፡ ብዛዕባ ዝቕጽል ስጉምትታ፡ ንኣብነት ምስታፍ መደብ ሓበሬታ ፣ ወይ ናይ ሞያ ልምምድ ምግባር፡ ተገዳስነት ኣርእይዎም፡ ብዛዕብኡ'ውን ተዛራረቡ።
- መንእሰያት መብዛሕታኡ ግዜ ብደግፍን ሓሳባትን ናይ ወለዶም ተማእዚዞም ይኸዱ። ስለዚ ንወድኹም/ጓልኩም ብዝተኻእለ መጠን ብዝበለጸ ንብሶም ክኢሎም ክውድኡ ኣተባብዕዎም።

## ምፍላጡ ጽቡቕ እዩ ...

- እዚ ሕጂ ዝምረጽ ሞያ ናይ መጀመርታ እምበር ናይ መወዳእታ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ቀጻሊ ክምዕብል ዝኽእል ናይ መጀመርታ ስጉምቲ እዩ። ስርዓተ ትምህርቲ ስዊዘርላንድ ዝተፈላለየ ዕድላት ትምህርቲ የበርክት።
- ኣብ ስዊዘርላንድ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ሞያ የለን። እንታይ ደኣ፡ ጽቡቕ ሞያ ማለት፡ ምስቲ ናይቲ ሰብ ድሌትን ክእለትን ዝሰማማዕ ስራሕ ምስ ዝኾውን እዩ።
- መንእሰያት፡ ዋላኳ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ዕድላት እንተሃለዎም፣ ንዕኦም ዝኸውን ሞያ ኣብ ምምራጽን፣ ኩነታት ውሳነ ኣብ ምልምማድ፣ ሓላፍነት ኣብ ምውሳድን ብጣዕሚ ንጡፋት እዮም።
- እዚ ምምራጽ ሞያ ንደቂ ኣንስትዮን፡ ደቂ ተባዕትዮን ብዘይ ኣፈላላይ ብማዕረ ኣገዳሲ እዩ። ውሳነ ምምራጽ ሞያ ኣብ ናይ ጾታዊ ፍልልይ ክምርኮስ ኣይግባእን።



Beratungs- und Informationszentrum für Bildung und Beruf
biz.lu.ch
KANTON LUZERN

## ሰለዳ ምምራጽ ሞያ

እዚ ሰለዳ ምምራጽ ሞያ፡ ብዛዕባ ኩሉ ንጥፈታት፥ መንእሰያት ከመይ ጌይሮም ኣብ መስርሕ ምምራጽ ሞያ ሓገዛት ክረኽቡ ከምዝኽእሉ፡ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ይህበና። እዚ ኣብ ኩለን ዓመታት ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዝዝርጋሕ ኮይኑ፥ እንታይ፣ ኣበይናይ ግዜ መደባት ይትግበሩ ስእሊ የርእየና።




## ዝተፈላለዩ ናይ ሓበሬታ ዕድላት ተጠቐሙ

- ንወድኹም/ጓልኩም ናብ ማእከል ሓበሬታ ሞያ BIZ ኣሰንዩዎም። ምስቶም ኣብኡ ዘለዎ ናይ ሞያ ክኢላታት ዝግበር ሓጺር ናይ ምኽሪ ዝርርብ፡ ዘሎኩም ሕቶታት ብንጹር ክምለሰልኩም ዕድል ኣለኩም። ከምኡውን ካብኡ ናይ ሞያ መጽሔት፡ መላለይ ጽሑፋት ክውሰድ ይከኣል።

  Öffnungszeiten des BIZ:
  www.biz.lu.ch
- Informationen zur Berufswahl:
  www.biz.lu.ch > Berufs- und Studienwahl: Jugendliche, Eltern, Lehrpersonen > Berufswahl
- Infos zur BIZ-APP inklusive Download:
  www.beruf.lu.ch/BIZ_App
- Berufsbeschreibungen, Berufsfilme und weitere hilfreiche Infos:
  www.berufsberatung.ch > Berufe
- Kurzbeschreibungen zu schulischen Ausbildungsmöglichkeiten:
  www.biz.lu.ch > Links & Downloads BIZ > Weiterführende Schulen im Kanton Luzern
- Regelmässige Informationsveranstaltungen zu den verschiedenen Berufen und weiterführenden Schulen:
  www.beruf.lu.ch/sprung
- Motivieren Sie Ihr Kind, Schnupperlehren zu absolvieren.

  Tipps zum Vorgehen und das Lehrfirmenverzeichnis:
  www.beruf.lu.ch/berufswahl > Schnupperlehre
- Unterstützen Sie Ihre Tochter/Ihren Sohn bei der Lehrstellensuche.

  Alles Wissenswerte zur Lehrstellensuche:
  www.beruf.lu.ch/berufswahl > Lehrstellensuche
- Freie Lehrstellen:
  www.berufsberatung.ch/lena
- Übersicht über Zwischenlösungen nach der obligatorischen Schulzeit:
  www.beruf.lu.ch/berufswahl > Zwischenlösungen